
# ህዝባዊ ኣብያተ ትምህርቲ ሲያትል — መምርሒ ስድራቤት ንኣገልግሎት ምሕዋይ ፍሉይ ድልየት ትምህርቲ

**ኣገልግሎት ምሕዋይ(recovery services )እንታይ እዩ?** እዚ ቃል እዚ ብሰንኪ ለበዳ ኮሮናቫይረስ ኣብ ዕላማታት IEP ግቡእ ምዕባለ ዘየርአዩ ናይ ፍሉይ ድልየት ትምህርቲ ተምሃሮ ንምሕዋይ ዝተዳለዉ ተወሰኽቲ ፍሉይ ትምህርትን ተዛመድቲ ኣገልግሎታትን ንምግላጽ OSPI ዝጥቀመሉ ቃል እዩ።ኣገልግሎት ምሕዋይ( Recovery services) ካብ ኣገልግሎት ምክሕሓስ ትምህርትን( compensatory education )ዝተናውሐ ዓመት ትምህርቲን Extended School Year (ESY) ዝተፈልየ እዩ።ኣገልግሎት ምሕዋይ ካብ ቅድመ ስሩዕ ትምህርቲ ክሳብ 21 ዓመት ዝዕድሚኦም IEP ዘለዎም ኩሎም ተምሃሮ ኣብ ግምት ክእቱ ይኽእል እዩ፣ኮይኑ ግን ኩሉ IEP ዘለዎ ተማሃራይ ናይ ምሕዋይ ኣገልግሎት ኣይድልዮን እዩ።

**ውላደይ ብኸመይ ናይ ምሕዋይ ኣገልግሎት ይረክብ?** ኬዝ ማናጀራት ኣብ ጽድያ 2021 ምስ ስድራቤታት ርክብ ብምግባር ብዛዕባ ኣገልግሎት ምሕዋይን እቶም ኣገልግሎታት እንታይ ክኾኑ ከምዝኽእሉን ሓበሬታ ከካፍሉ እዮም፣እንተላይ መስርሕ ምብጻሕ ነዞም ኣገልግሎታት።ዘድሊ ናይ ምሕዋይ ኣገልግሎታት ንምውሳንን ንምውጣንን ዝግበር ዘተ ኣብዚ ጽድያ፣ቀውዒ፣ወይ ኣብ ናይ 2021-2022 ናይ ትምህርቲ ዓመት ክፍጸም ይኽእል እዩ።እቶም ውሳኔታት ቅድሚ ምጅማር ናይ 2021-2022 ናይ ትምህርቲ ዓመት፣ቅድሚ ዓመታዊ ኣኼባ IEP ክፍጸሙ ይኽእሉ፣ወይ ድማ እቲ ዲስትሪክትን ወላድን እንተተሰማሚዖም ኣብቲ ዝመጽእ ዓመታዊ ናይ ግምገማ ዕለት ክፍጸሙ ይኽእሉ።ብዛዕባ ኣገልግሎት ምሕዋይ ዝወሃቡ ውሳነታት ክስነዱን ክሕበሩን እዮም።




## ኣገልግሎት ምሕዋይ እንታይ ይመስል?

· ናይ ምሕዋይ ኣገልግሎት ካብቲ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ ትምህርቲ መዓልቲ/ዓመት ወጻኢ ወይ ኣብ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ክወሃብ ይኽእል።

· ክንደይ፣እንታይ ዓይነትን ክንደይ ግዜን ናይ ምሕዋይ ኣገልግሎት ይወሃብ ዝብሉ ውሳኔታት በቲ ናይቲ ተማሃራይ ውልቃዊ ድሌት መሰረት ይውሰን።

· ኣብነታት ናይ ምሕዋይ ኣገልግሎታት እዞም ዝስዕቡ ከጠቓልል ይኽእል:ተወሳኺ በኣካል ዝወሃብ ትምህርቲ፣ብኣካል ወይ ቴሌቴራፒ ኣገልግሎት፣ተወሳኺ ናይ ምስግጋር ኣገልግሎታት፣ተወሳኺ ናይ ርሕቐት ኣገልግሎታት፣ቅድሚ ወይ ድሕሪ ትምህርቲ ወይ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ትምህርቲ፣ፍሉይ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ መዓልታት ኣቐዲምካ ምፍናው፣ተወሳኺ ብኣካል ዝተዋደደ ናይ ጉጅለታት ጸወታ ወይ ቅድሚኡ ዝነበሩ ናይ መዛኑ ማሕበራዊ ጉጅለታት ድሕሪ ትምህርቲ ወይ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ትምህርቲ።

## ሕቶታት እንተሃልዩኒ ኸ?

• ምስ ናይ ተማሃራይካ ኬዝ ማናጀር ወይ መምህር ምዝርራብ።

• መምርሒ ኣገልግሎታት ምሕዋይ OSPI ምግምጋም: https://www.k12.wa.us/sites/default/files/public/specialed/-pubdocs/WA-Roadmap-SpEd-Recovery-Services-2021.pdf.

• ምስ ክፍሊ ፍሉይ ድልየት ትምህርቲ ብ specialed@seattleschools.org ምርኻብ።